# ኣምላኽ ዝፈቐዶ ጽልኢ

## ነቲ ብስጋ ዝረኸሰ ኽዳን እኳ እናጸላእኩም፡ (ይሁዳ.1፡23)

ጽልኢ ዝብል ቃል ይኹን ሓሳብ ንዝኾነ ሰብ ኣሉታዊ እዩ። ንኽትጸወት ኢልካ እኳ ዘይትጥቀመሉ ቃል እዩ። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ ዝብል ዝውቱር ኣዘራርባ ስለዘሎ ድማ " ቃል ኣምላኽ ዝፈቕዶ ጽልኢ" ዝብል ሓረግ ክተንብብ ከሎኻ እቲ ንሕና ንፈልጦ ኣምላኽ ድዩ'ስ ካልእ ኣምላኽ እዩ ዝዛረብ የብለካ እዩ።

ይኹን ድኣ እምበር መጽሓፍ ቅዱስ ዝድግፎ ወይ ዝፈቕዶ ዓይነት ጽልኢ ግና ኣሎ። ሃዋርያ ይሁዳ ኣብ 1፡23 ካብቶም *ምጽላእ* ቅኑዕ እዩ ዝብሉ ክፍሊ ጽሑፋት ኣስፈሩ'ሎ። ኣብኡ " . . . .ንገሊኦም ድማ፡ ነቲ ብስጋ ዝረኸሰ ኽዳን እኳ *እናጸላእኩም*" ዝብል ነንብብ።

ኣብዚ እታ *እናጸላእኩም* እትብል ቃል ብቋንቋ ጽርኢ ***miseo*** እያ እትብል። ካብተን ሓድሽ ኪዳን ጽርኢ (ግሪኽ) እተጠቕመለን ኣዝየን ሓያላት ዘይዝውቱራትን ቃላት ከኣ ሓንቲ እያ። ሓይሊ እቲ ኣባህላ ድማ እቲ ጽልእኻስ ክሳብ ግብረ መልስኻ ንሓደ ነገር ብቐጥዓን ነድርን ክተርእይ ከሎኻ ዝብል ሓሳብ እያ እተስምዕ። ስለዚ ሃዋርያ ይሁዳ ነቲ ደረጃ ምጽላእናስ ከም ንሓደ ነገር ዘይተሳማማዕናሉ ግናኸ ሸለል ኢልና እንሓልፎ ኣይኮነን ዝዛረብ ዘሎ። ግናኸ እቲ ነቲ ነገር *ምጽላእናስ* ክሳዕ ነድርን ሓርቖትን ዘለዎ ክበጽሕ ደልይዎ።

እዛ ***miseo*** እትብል ቃል ኣብ ራእይ 2፡6 እውን ንረኽባ ኢና። ኣብኡ ጎይታ የሱስ ንማሕበር ኤፌሶን ንግብሪ ኒቆላውያን ዝነበራ ኣራኣእያ ከም ናቱ ኮይኑ ስለዝረኻባ ዝሃባ ናእዳ ነንብብ። እቲ *ጽልኢ* ትምህርትን ግብርን ኒቆላውያን ንጎይታ የሱስ ዘፈንፈን ዘስገድግድ ዘጸይንን ኮይኑ ስለዝረኸቦ እዩ ሃዋርያ ዮሃንስ ***miseo*** እትብል ቃል ተጠቒሙ ዘሎ። ኣነን ንስኻትኩምን ድማ ነቲ ሓጥያት በቲ ኣምላኽ ዝጸልኦ ፍጹም ጽልኢ ክንጸልኦ ይነገረነና ኣሎ። ንኻልኦት ካብኡ ክነውጽእ ክንሓስብ ከሎናስ ንኣኣቶም እናፍቀርና ነቲ ግብሮም እናጸላእና ክኸውን ኣለዎ። ኣምላኽ ሓጥያተኛ ዘይኮነስ ሓጥያት እዩ ዝጸልእ።